# ኣንብብ። ተማሃር። ተረዳእ።



## ናይ ወለዲ ውሳኔ ንምክልኻል ሕማም

ነፍሲወከፍ ወላዲ፡ ንውላዶም ምኽታብ ዘለዎ ጥቕምን ከጋጥም ዝኽእል ጸገማትን ክፈልጥ ይደሊ፡ ብሕልፊ ድማ እቲ ጥቕም ታት ክርአ እንተድኣ ዘይክእኢሉ። ገለ ወለዲ ንደቆም ከኽትብዎም ኣይደልዩን እዮም፡ ምኽንያቱ ዝኾነ ስግኣታት ክወስዱ ስለዘይደልዩ። ግን ውላድካ ክኽተብ ምምራጽካ፡ ስግኣት ዘይብሉ ማለት ኣይኮነን። ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ ውላድካ ብክታበት ክትከላኸሎም እትኽእል ሕማማት ክሓምም ከምዝኽእል ኣይትፈልጥን ኢኻ፡ ከምኡ'ውን ንውላድኩም ከይተኽትብዎ ምምራጽኩም ድማ ንውላድኩም ጥራይ ዘይኮነ ንስድራቤትኩምን ንሕብረተሰብኩምን ዝጸሉ እዩ።

ናይ ክታበት ውሳኔ ምስ ገበርኩም፡ ኣብ ታሕቲ ብዛዕባ ክታበት ኣብ ንእስነት ዝምከቱ፡ ልሙዳት ሕቶታትን፡ ኣብ ጭብጢ ዝተሞርከሱ መልስታት።

### ■ምክልኻል ሕማም ኣብ ካናዳ ወለንታዊ'ዩ።

ካብ ሕማም ምክልኻል ኣብ ካናዳ ግዴታዊ ኣይኮነን፡ ግን ከም በዓል ኦንታርዮን ኒውብሩንስዊክ ዝኣመሰላ ኣውራጃታት ቅድሚ እቲ ቆልዓ ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻዱ ናይ ካብ ሕማም ነጻ ምኻኑ መረጋገጺ ይሓታ እየን። ክኢላታት፡ ህጻናት ነቲ ናይ ንእስነት ምክልኻል ሕማም ኣበየናይ ቦታ ናይ ካናዳ ብእትቕመጠሉ መሰረት ዝተፈላለየ ክኽተልዎ ኣለዎ። ኣበይ ከም እትቕመጥ ዘሎ መደባት ንምርኣይ፡ ወኪል ህዝባዊ ጥዕና ካናዳ ናይ መከላኸሊ ጥዕና መደባት መሳርሒ ኣብ https://www.canada.ca/en/public-health/services/provincial-territorialimmunization-information.html ክርከብ ይከኣል

### ■ናይ ንእስነት ምክልኻል ጥዕና ካናዳ መደባት ኣብ ልክዕ ሰዓት ምክልኽላ ንክህቡ ተባሂሎም ብጥንቃቐ ዝተምደቡ እዮም።

ክታበት ኣብ ግዜ ንእስነት እዮም ዝወሃቡ ምኽንያቱ ህጻናት ንሕማም ቅሉዓት ስለ ዝኾኑ ከምኡ'ውን ብኣግኡ ክንከላኸሎም ስለዘለና። ንኣብነት፡ ትሕቲ ክልተ ዓመት ዘለዉ ህጻናት ካብ ሕማማት ኒሞካክል፡ ናብዞም ሰለስተ ሓደገኛታት ረኽስታት ከም በዓል ሕማም ጽግዕ ኒምኒያን ባክተረሚያን (ረኽሲ ደም) ዝኣመሰለ ከምርሕ ስለ ዝኽእል፡ ኣብ ልዑል ስግኣት እዮም። ውላድካ ካብ ሓደገኛታት ሕማማት ምእንቲ ክሕሎ ኣብ ልክዕ ዕድሚኡ ካብ ሕማም ነጻ ክኸውን ኣለዎ። ውላድካ ቅድሚ ንሓደገኛታት ሕማማት ምቅላዑ ናይ ሕማም ምጽዋር ዓቕሚ ከጥሪ ኣለዎ። ሳላ ሕውስዋስ ክታበት፡ ውላድካ ካብ እተፈላለዩ ሕማማት ብሓንቲ መውጋእቲ ክከላኸል እኽእል'ዩ።

### ■ከመይ ጌሮም ናይ ህጻናት ክታበት መደባት ይዳለዉ?

ሓንሳእ ክታበት ኣብ ካናዳ ኣብ ግብሪ ምስ ወዓለ፡ ሃገራዊ ኣማኻሪ ኮሚተ ክታበት (NACI) መን ነቲ ክታበት ክወሰድ ከም ዘለዎ፡  ምሕጽንታታት ይገብር።ሚኒስትሪ ጥዕና ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣውራጃ፡ ነዚ ምሕጽንታታት ናይ ክታበት መደባት ምድላው ብምጥቃም ናይ ህዝቦም ቀዳምነታት ኣብ ግምት ንምእታው ይጥቀሙሉ።

### ■ከመይ ጌሩ እዩ እቲ ናይ ክታበት ግዜን ቦታን ዝውሰን?

እቲ ግዜ ናይ ክታበት ብተመራመርቲ ስነፍልጠት፡ እቲ እካላት ክጻወሮ ዝኽእል ዕድመ ኣብ ግምት ብምእታው ምሉእ ዝኾነ

ምክልኻል ድሕሪ ክታበት ከም ዝመጽእ ተጌሩ እዩ ዝካየድ። ካልኣይ፡ እዚ ሓበሬታ ንህጻናት ኣብ እዋን ንእስነቶም ከለዉ ብዝተኻእለ መጠን፡ ምክልኻል ከምጽእ ከም ዝኽእል ሚዛኑ ሓልዩ እዩ ዝኸይድ።

## ■ህጻናት ኣብዚ እዋን'ዚ እተፈላለዩ ክትበታት ኣብ ሓደ እዋን ይወሃቡ። ብዙሕ ክታበታት ንናይ ውላደይ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ልዕሊ ዓቕሙ'ዶ ይኾኖ?

ኣብ ሓደ እዋን ምሕደራ ልዕሊ ሓደ ክታበት ኣብ ካናዳ ጽቡቕ ጌሩ ተጸኒዑ እዩ። ክታበት ናብ ሓደ መውጋእቲ መርፍእ ንእሸተይ ዓቐን ባክተርያ ወይ ቫይረስ እዩ ዝህብ፡ ንናይ ውላድኩም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ኣብ ሓደ እዋን ካብ ሓደ ንላዕሊ ክታበታት ብምሃብ ልዕሊ ዓቕሙ ኣይብርትዖን እዩ።

## ■ውላደይ ኣብ ግዚኡ እንተድኣ ዘይረኺብዎ ክታበት ይሰርሕ'ዶ?

ዝበዝሑ ናይ ህጻንነት ክታበታት ኣብ ዝኾነ ዕድመ ክወሃቡ ይኽእሉ እዮም፡ ከምኡ'ውን ዝኾነ ክታበት ዝሓለፎ ህጻን፡ ከም እንደገና ክጅምር የብሉን። እቲ ዝተዋህበ ክታበት ክሰርሕ እዩ፡ ውላዳ'ውን ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ከማዕብል እዩ። ግን ክታበት ምድንጓይ ንውላድካ ናብ ዝተጋደዱ ምትሕልላኻት ከቃልዖ ይኽእል'ዩ።

ከምኡ'ውን ውላድካ ክሳዕ ነቲ ልክዕ ዓቐን ናይ ክታበት ዝወስድ ካብ እተፈላለዩ ሓደገኛታት ሕማማት ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣይክህልዎን እዩ። ነፍሲወከፍ ክታበት ንፍሉይ ሕማም ክከላኸል እዩ ማዕቢሉ። ገለ ንውላድካ ብርቱዕ ዝኾነ ናይ ምክልኻል ምእንቲ ክህልዎ ወይ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ንምውሳኽ ካብ ሓደ ንላዕሊ ግዜ ክውሰዱ ኣለዎም። እቲ ቀዳማይ ዓቐን እኹል ጸረ-ነፍሳት እንተዘየፍረየ፡ ውላድካ ናይ ምልክኻል ዓቕሚ ከም ዘለዎ ንምርግጋጽ ካልኦት ክታበታት ተወሰኽቲ ዓቐናት ከድልዮም ይኽእል'ዩ። ነፍሲወከፍ ኣብቲ ናይ ህጻንነት ክታበት መደብ እተኣዘዘ መጠን ኣገዳሲ እዩ።

## ■ምስ እዞም ዝስዕቡ ማረጽቲ መደባት ከም ዝንፍሕሑ ክታበታት ዘሎ ጸገም እንታይ'ዩ?

ኣማራጺ ክታበት ናይ ዝስፋሕፍሑ ክታበታት ዝጥቀሙ ወይ ናይ ዝተረፉ ህጻናት ኣብ ግዜ ክታበት ዝደንጎዩ ኣብ ሕማም ናይ ምምዕባል ስግኣት እዮም ዘለዉ። ንኣብነት፡ ገለ ክታበታት-ዝከላኸሎም ሕማማት ከም ኒሞኮካል ኒሞንያ፡ ፐርቱሲስ (ሰዓል) ከምኡ'ውን ቫሪሰላ (ፍሮማይ) ኣብ ካናዳ ካብቶም ዝውቱራት ሕማማት እዮም። ምድንጓይ ክታበታት ንህጻናት ኣብ ክሕከሙ ዝክእሉ ሕማምት ግዳይ እዩ ዝገብሮም።

## ■ከም ሆሚዮፓቲክ ኖዞደስ ዝኣመሰሉ ኣማረጽቲ መድሃኒታት'ከ? ንክታበት ኣማረጽቲ ድዮም?

እይፋል፡ ምኽንያቱ ኖዞደስ ካብ ሕማም ኣይከላኸሉን እዮም። ማሕበር ፔዲያትሪክ ኢካናዳን ጥዕና ካናድን ነዚ እተፈተነ ተግባር ይደፍኡሉ እዮም። ሆሚዮፓቲክ ኖዞደስ ንክታበት መተካእትኡ እይኮኑን።

## ■ካብ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዝረኸበ ግን ከኣ ዝሓመመ ቆልዓ ዝፈልጦ ኣሎ። እዚ እቲ ክታበት ከም ዘይሰርሕ ኣየርእን?

ክታበታት ናይ ምክልኻል ግብረ መልሲ ዝበዝሕ ግዜ ብ98% ኣብ ምብርባር ብቑዓት እዮም። እንተኾነ፡ ግን ሓደ ህጻን ከም ግብረ መልሲ ናይ ክታበት ልክዕ ዝኾነ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ከየማዕብል ይኽእል'ዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት፡ ክታበት ንናይ እቲ ህጻን ናይ ምሕማም ዓቕሚ ይደኽሞ'ሞ እቲ ህጻን ፍኹስ ዝበለ ሕማም ይሓምም። እዚ ብፍላይ ኣብ ኢንፍሉዌንዛን ቫሪሴላ (ፍሮማይ) ዘጋጥም እዩ።

## ■እዚኦም ንክታበት ጎድናዊ ጽልዋታት ድዮም?

ክታበት ናይ ህዝባዊ ጥዕና ጣልቃ ምእታው'ዩ ከምኡ'ውን ነጻ ዝኾነ ጣልቃ ምእታው የለን። ክታበታት ሕማም ንምክልኻል እዮም ተሰሪሖም፡ ግን ጎድናዊ ሳዕቤናት ከምጽኡ ይክእሉ እዮም፡ ከምኡ'ውን ኣብ ከምጽእዎ ዝኽእሉ ብርታዐ ክፈላለ ይኽእል'ዩ። እቶም ዝውቱራት ጎድናዊ ሳዕቤናት ፍኹስ ዝበሉ ከም ረስኒ ወይ 2 ኣብ ዝተወግኣሉ ቦታ ቀይሕ ነገር ክፍጠር ይኽእል። እቲ ሳሕቲ ዝርእ ግን ከኣ ውሑዳት ጎድናዊ ሳዕቤናት ከም ሓደገኛታት ዝቑጸሩ፡ ከም ግብረ መልሲ ናይ ክታበትን መጥባሕትን ዝኣመሰሉ ቁጥዐ ኣካላት ንሂወት ዘስግኡ ኣለዉ።

እቲ ውሕስነት ናይ ክታበት ቀዳምነት ዝወሃቦ እዩ፡ ከምኡ'ውን ንክታበት፡ውሕስነትን ፈተነታትን ዝለዓለ ደረጃ ዝህቡ ሕግታትን መምርሒታትን ኣለዉ። ካናዳ ውን ክታበታት ኣብ ዕዳጋ

መጺኦም ንህዝቢ ምስ ተሸጡ፡ ዝከታተልን ዝቆጻጸርን ተሪር ዝኾነ ኣገባብ ናይ ጥዕና እዩ ዘለዋ። ንኣብነት፡ ኩሎም ጎድናዊ ሳዕቤናት ብመቆጻጸሪ ኣገባብ ሓደገኛ ኣጋጣሚ ድሕሪ ክታበት ካናዳ (CAEFISS) ምክትታል ይግበረሎም'ዩ። ካናዳ'ውን ናይ መደባት ምክትታል ክታበት ACTive (ወይ IMPACT) ዝበሃል ኣብ ሕክምና ህጻናት ዝተመስረተ ናይ ምቁጽጻር መስመራት ኣለዋ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዞም ናይ ቁጽጽር መስመራት፡ ብኽብረትኩም ናብ መርበብ ሓበሬታ ህዝባዊ ወኪል ጥዕና ካናዳ https://www.canada.ca/en/public-health/services/immunization/canadian-adverse-events-following-immunization-surveillance-system-caefiss.html ተወከሱ

## ■ክታበታት ኣቐንዘውትን ኣጨነቕትን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ቃንዛን ፍርሕን ከወግደሉ ዝኽእል ዝኾነ መንገዲ'ዶ ኣሎ?

እወ፡ ንናይ ሓደ ህጻን ቅድምን ድሕርን ክታበት ዘሎ ቃንዛን ጭንቀትን ከተጉድለሉ እትኽእል መንገዲ ኣሎ። ወለዲ ኣብ ግዜ ክታበት ናይ ደቆም ኣብ ምሕጋዝ ዝዓበየ ተራ እዮም ዝጻወቱ። ንናይ ውላድካ ናይ ክታበት ተሞክሮ ምምሕያሽ ክትመሃር ኣብ መርበብ ሓበሬታ https://immunize.ca/pain-management-children ተወከስ

## ■ውላደይ እንተድኣ ዘይተኸቲቡ እንታይ ከጋጥም ይኽእል?

ውላድካ ኣብ ሂወቶም ምሉእ ክታበት ክከላኸሎም ብዝኽእል ሕማማት እንተድኣ ዘይተጠቒዖም፡ ወልሓደ ዘጋጥም ነገር የለን። እንተኾነ ግን ዝኾነ ምቅላዓት ምስ ዝፍጠር፡ ውላድካ በቲ ሕማም ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎኡ ክዓቢ ይኽእል። ከምኡ'ውን ንውላድካ ኣብ ግዚኡ ዘይምኽታብ ንካልኦት ሰባት ከሕምሞም ይኽእል'ዩ። ንኣብነት፡ ውላድካ ንካልኦት ሰባት ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘይብሎም፡ ከም ክታበት ክወስዱ ዕድመኦም ዘየፍቅደሎም ህጻናት ሕማም ከመሓላልፍ ይኽእል።

## ■ናይ ውላደይ ምስ ክታበት ክከላኸሎም ዝኽእል ሕማምት ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎኡ ማዕረ ክንደይ'ዩ?

ገለ ሕማማት ኣብ ካናዳ ሳሕቲ እዮም ዝርኣዩ፡ ስለዚ ናይ ምቅላዕ ዓቕሙ ውሑድ'ዩ ግን ከኣ ሕማም ብምቕሩሕ መልክዑ ኣብ ዓለም ምሉእ ኣሎ። ውላድካ ናብ ካልእ ሃገር ክገይሽ ከሎ በዞም ሕማማት ክጥቃዕ ይኽእል'ዩ። ንኣብነት፡ ዲፍተሪያ ኣብ ገለ ኤሽያውያን ሃገራት ክሳዕ ሕጂ ኣሎ፡ ከምኡ'ውን ፖሊዮ ኣብ ፓኪስታን፡ናይጀርያን ኣፍጋኒስታንን ክሳዕ ሕጂ ኣሎ። ሚዝለስ፡ኒሞኮካል ኒሞንያን ፍሉኤንዛን ኣብ ዓለም ምሉእ ኣለዉ። ምስ ብዙሕ ዓለም ለኻዊ መገሻታት፡ እዚ ሕማማት ልሙድ ሕማማት ክኾውን ይኸውን፡ ብፍላይ ድማ ብዙሓት ሰባት ክታበት እንተድኣ ዘይወሲዶም።

## ■ንምንታይ'ዩ ንደቅኹም ምኽታብ ኣገዳሲ ዝኸውን።

ኩሎም ወለዲ፡ ንደቆም እቲ ልክዕ ዝበሃል ምርጫ ክገብሩን ካብ ጉድኣት ድማ ክሕልውዎምን እዮም ዝድልዩ። እዚ ዓይነት ስራሕ፡ ካብ ካልእ ግዜ ንላዕሊ በዳሂ ዝኾነሉ ኣብ ኣእዳውና ብዙሕ ሓበሬታ ስለዝመጽኣና እዩ። ስነፍልጠት ኮነ ታሪኽ፡ ክታበት ካብ ሕማም ንክከላኸለልና ኣርእዮም እዮም ኩልና ደቅናን ሕብረተሰብናን ንምክልኻልን ናይ ህዝባዊ ጥዕና መብጽዓ ኣለና።



## እዚ ምንጪ በዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ዝርዝር መወከሲታት ዝተመርኮሰ እዩ።

እዚ ዝርዝር ብዝሕ ዝበሉ መርበብ ሓበሬታታትን ናይ መጽናዕቲ ጽሑፋትን ኣብ ጭብጢ ዝተሞርኮሱ የቕርብ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ድሕሪ ክታበት ኣብ ግዜ ህጻንነት፡ንምንታይ እዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ ከምኡ'ውን ከመይ ጌሮም ናይ ህጻናት ጥዕና ከም ዘማዕበሉ ዝኣመሰሉ ሚዛናዊ ኣረኣእያ ይህብ።

### መርበብ ሓበሬታታት


ኣካዳሚ ሕክምና ጥዕና ህጻናት ኣሜሪካ። https://www.healthychildren.org/English/Pages/default.aspx

መምርሒ ክታበት ካናዳ። ውሕስነት ክታበት። https://www.canada.ca/en/public-health/services/publications/healthy-living/canadian-immunization-guide-part-2-vaccine-safety/page-2-vaccine-safety.html

ማሕበር ሕክምና ህጻናት ካናዳ። https://www.caringforkids.cps.ca/handouts/vaccine_safety

ኢንስቲትዩት ንውሕስነት ክታበት። http://www.vaccinesafety.edu/

ህዝባዊ ወኪል ጥዕና ካናዳ። https://www.canada.ca/en/public-health/services/publications/healthy-living/parent-guide-vaccination.html


### መጽናዕታዊ ጽሑፋትን ናይ ጽፍሒ ሓሳባትን


ሕብረተሰብ ሕክምና ህጻናት ካናዳ። (2015.) ኖዘደስ መተካእታ ክታበት ኣይኮኑን። Rieder MJ, Robinson JL, ኮሚቴ ማሕበር መድሃኒታትን ሓደገኛታት ጥረ ነገራት ሕክምና ህጻናት ካናዳ፡ ተላባዕቲ ሕማማትን ኮሚቴ ክታበት። ክንክን ጥዕና ህጻናት 2015; 20(4):219-20። ኣብዚ ይርከብ: https://academic.oup.com/pch/article/20/4/219/2648896

Glanz JM, Newcomer SR, Daley MF, et al. ማሕበር ኣብ መንጎ እተገመተን ውህሉል ክታበትን ኣብ መጀመርታ 23 ኣዋርሕ ናይ ሂወት ከምኡ'ውን ክታበት ዘየድልዮም ዕላማ ዝተገብረሎም ሕማማት ዘለዋ ምቅላዕ ተኸላኸልቲ ወሃዮታት ካብ 24 ክሳዕ 47 እዋርሕ ዕድመ ዘለዎም። JAMA. 2018;319(9):906–913. ኣብዚ ይርከብ: https://jamanetwork.com/journals/jama/fullarticle/2673970

Hinshaw A, et al. ኢንስትትዩት ሕክምና። ሃገራዊ ኣካዳሚ ስነፍልጠታት። 2013። ናይ ግዜ ህጻንነት መደባት ክታበትን ውሕስነትን: ናይ ክኢላታት ግምገማ፡ ስነፍልጠታዊ ጭብጥን መጻኢ መጽናዕታትን።

MacDonald NE and Law BJ. ናይ ካናዳ ሸሞንተ ትሕዝቶታት ዝሓዘ ውሕስነት ኣገባብ ክታበት: ቀንዲ ንሰራሕተኛታት ክንክን ሰራሕተኛታት። ሕክምና ህጻናትን ጥዕና ህጻናትን: 2017, e13-e16.

Offit PA, Quarles J, Gerber MA, et al. ናይ ወለዲ ስክፍታታት ፍታሕ ምምጻእ: ካብ ሓደ ንላዕሊ ክታበታት ንናይ ህጻን ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ይዕብልልዎ ወይ የዳኽምዎ'ዶ? ሕክምና ህጻናት 2002;109(1):124-9.

Offit P and Moser CA. ምስ ናይ ዶ/ር ቦብ ኣማራጺ መደባት ክንክን ዘሎ ጸገማት። ሕክምና ህጻናትጥሪ 2009 ቅዳሕ 123: ገጻት e164-e169. ኣብዚ ይርከብ፡ https://pediatrics.aappublications.org/content/pediatrics/123/1/e164.full.pdf

Saini V, MacDonald SE, McNeil DA, et al. ናብ ግዚኡ ዝውሰድን ምሉእን ልማድ ክታበት ህጻንነት ኣብ ደቂ ክልተ ዝዕድሚኦም ህጻናት ኣብ ኣልበርታ፡ ካናዳ። Can J Public Health (2017) 108: e124። ኣብዚ ይርከብ : https://link.springer.com/article/10.17269%2FCJPH.108.5885